# መጽሔት ፍኖተ-ብርሃን ስርሓ ክትጀምር ኢያ

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
21.12.2009

ፍኖተ ብርሃን እተባህለት ወግዓዊትን ነዊሕ ዕድመ ዝገበረትን ልሳን ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን ዝኾነት መጽሔት ን8 ዓመታት ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ተኣጊዳ ድሕሪ ምጽንሓ፡ ካብ ታሕሳስ 2009 ጀሚራ ስርሓ ክትጅምር ምዃና፡ “ምእንቲ ክርስቶስ እተመቕሑ” ወይ ICFC (In Chains For Christ) እተባህለ መርበብ ሓበሪታ ናይ ሓደ ንናጽነት ናይ ኣምልኾ ዝጣበቕ ሰብኣዊ ማሕበር ብ21 ታሕሳስስ 2009 ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ሓቢሩ።

እዚ ሃንደበታዊ ምዕባለ’ዚ፡ ፍረ ናይ’ቲ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ዝርከብ ዝለዓለ ናይ ኤርትራውያን ኦርቶዶክስ ሰበኻ ን5 ኣዋርሕ ዝኸውን ዘካየዶ ጻዕርታት ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፍኖተ ብርሃን፡ ሓንቲ ካብ’ተን ብ2001 ዓ.ም ብስርዓት ኣስመራ ዝተኣገዳ ብዙሓት ብሕታውያን ጋዚጣታት ኢያ። ን30 ዓመታት ብዘይ ምቍራጽ፡ ዋላ ውን፡ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ደርግ ክትዝርጋሕ ዝጸንሐትን መጽሔት ፍኖተ ብርሃን ወርቃዊ ኢዮበልዩ ንምጽንባል እናተዳለወት እንከላ’ያ ብሃንደበት ብስርዓት ኢሳያስ ተዓጽያ።

እቲ ናይ ቀደም ኣዳላዊኣ ዝነበረ ኣቶ ተኽለማርያም መርካጽዮን፡ ሕጂ ዋና ኣዳላዊ ኰይኑ ክቕጽል ምዃኑ፡ እቲ “ምእምቲ ክርስቶስ እተመቕሑ፡” እተባህለ መርበብ ሓበሬታ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣቶ መርካጽዮን ውን፡ ብናይ ማእሰርቲ ጸገማት ዝተፈተነ ጽኑዕ ሰብ ምዃኑ’ዩ ዝፍለጥ።